ሰብ ሕድሪ ሲቪል
ማሕበረ-ሰብ ትግራይ
ትግራይ ፣ መቐለ

Seb-Hidri Civil Society of Tigray

Tigray, Mekelle

## ካብ ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ዝተዋህበ እዋናዊ መግለፂ

ኣብዚ ሕዚ እዋን ክልልና ትግራይ ኣብ ዝተወሳሰበ ኩነታት ከምዘላ ብግልፂ ዝረአ ዘሎ ሓቂ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ስለ ሰላም፣ ልምዓትን ዲሞክራስን ብክልሰ ሓሳብ ዝመሃሮ ዘይኮነስ ዝተሰወአሉ ዓላምኡ እዩ። ንክስመዐሉ ዝዛረቦ 'ውን ኣይኮነን ብተግባር ዝነብሮ እዩ። ካብዚ ብሱልን ሰፊሕን ልቦኑ ዝብገስ: ህዝብና ግዕዝይና ይፅየፍን ንግዕዙያት ይቃለስን። ዲሞክራስን መስል ደቂ ሰባትን ንክኽበር ተሰዊኡን ይስዋእን። ናይ ህዝብታት ሓድነት ፣ ማዕርነትን ይኣምን ጥራሕ ዘይኮነስ ብደሙ ኣበሲሩሎም ውን። ኣብዚ ሕጂ እዋን 'ውን እንተኾነ ብስም ምቅላስ ግዕዝይና ዝግበር ዘሎ ፖለቲካዊ ብሄራዊ መጥቃዕቲ፤ እቲ ተሸፊኑ ዝንገሮን 'ቲ ብድሕሪት ዝተቐመጠ ሽርሒን ፈልዩ ዝፈልጥ ህዝቢ እዩ።

ሰብ ሕድሪ ልክዕ ከምቲ ዘዕበዮን ዝናበዮን ህዝቢ ትግራይ ወንጀለኛታት ኣብ ሚዛናዊ መፅናዕትን ምፅራይን እንተተመስሪቱ ክሕተቱ ከም ዘለዎም ይኣምን። ማንም ሰብ፡ ካብ ብዓል ስልጣን ጀሚሩ ክሳብ ታራ ውልቀሰብ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምኻኖም ይኣምን። ሕጊ ልዕሊ ኩሉ ምኻኑ ኣንዳዕዲው ይፈልጥ። ይኹን እምበር: ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብዛ ሃገር ናይ ሕጊ ልዕልነት ኣሎ ኢሉ ኣይኣምንን። ናይ ሕጊ ልዕልና ንምኽባር ዝውሰዱ ስጉምትታት ውን እንተኾነ ኢ-ሚዛናዊን ሽርሓዊን እዮም ኢሉ ይኣምን። ንዙይ መርኣያ ዝኾኑና፡ ህዝቢ ትግራይ ሂወቱ ሲኢኑ፣ ንብረቱ ዓንዩን ተዘሪፉን ክሳብ ናብ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ክስደድ ከሎ፣ ካብ ጎረቤት ክልል ኣምሓራ ዳርጋ ግልፂ ወራር ክእወጅ ከሎ፣ ብዘይምቁራፅ ግብሪ መንግስቲ ከፊሉ ዝተሰርሑ መንገዲታት ፌደራል ክዕፀዎ ከለዉ፣ ስርዓት ኣልቦነት ነጊሱ ህዝቢታት እንትጭፍጨፉን እንትፈናቐሉን ምእንቲ ሃገሮም ለይትን ቀትርን ቁርን ፀሓይን እናተገረፉ ዓዶም ንዝሕልው ናይ ፀጥታ ኣካላት ሂወት ዘጥፍኡን ሃገር ዝኸሓዱን ውልቀሰባት ክሸየሙ ከለው ፌደራል መንግስቲ ላዕለዋይነት ሕጊ ከረጋግፅ ኣይረኣናን።

እዙይ ከምዙይ እንዳሃለወ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝፍጠር ዘሎ ኣካላዊ፣ ንዋታዊን ሞራላዊን መጥቃዕትታት ብኣግባቡ ኣይምክትን ዘሎ ሉኣላውነትና ዉን ናብ ዋጋ ዕዳጋ እቕሪቡዎ እዩ:: ስለዚ መንግስቲ ትግራይ ነዚኦም ኣብ ምምካት ዘርእዮ ድኹም ተግባርን መርገፂን ሰብ-ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ብትሪ ንኹንን:: ህዝብና በቲ ዝግበር ዘሎ ሽርሒታት ተደናጊሩ ካብ ብ/ክ/መ/ ትግራይ ተሪር መግለፂ ይፅበ ኣብ ዘለሉ እዋን ናይ ህዝቢ ሞራል ዕሽሽ ብምባል ዘይእዋናዊን ሃጠውቀጠውን መግለፂ ብምውፃእ ህዝቢ ንምድንጋር ዝተገብረ ስለዝኾነ ሰብ-ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ ብፅኑዕ ነውግዝ:: ከምኡውን ኣብ ሓፂር ግዜ ሓቃዊን እዋናዊን መግለፂ ንኽውፅእ ብትሪ ንሓትት።

ኣብ መወዳእታ ህዝቢ ትግራይ ንብሄራዊ ሓርነትካን ክብርኻን፣ ንታሪኻዊ ግዝኣታዊ ሓድነትካ፣ ንሉኣላውነትካን ብሄራዊ ረብሓኻን ከም ቀደምካ ብትሪ ክትቃለስ መፃኢኻ ብንቕሓት ክትከታተልን ዓድኻ ክትሕሉን እንዳፀዋዕና ንትገብሮ ቃልሲ ኣብ ጎንኻ ደው ከም ንብል ክነረጋግፀልካ ንፎቱ።

ክብርን ሞገስን ንጀጋኑና!

ሰብ ሕድሪ ሲቪል ማሕበረሰብ ትግራይ

ሕዳር 5፣ 2011 ዓ.ም

መቐለ

ቁጽሪ ቴለፎን፡ 0910070174/0914262298